# ሓደሽቲ ኣብዲ ሃሱሳት ምጥፍጣፍ እንተዘይኮይኑ ዝረብረብናሉን ብደሎ ዝሰዓርናዮ ብሉይ ምህዞ ሕሉላት እዩ !

ብርግጽ ኤርትራ ክንብል እንከለና ከምቲ ናይ ታሪኽ ተመራመርቲ ምሁራትና ዝበልዎ ፣ ብቐንዱ መኸተ ማለት እዩ ፣ ብዘይምግናን ኤርትራ ማለት እኩብ-ድምር ፍረ-ጻዕሪ ህዝባ ማለት ስለዝኾነ እቲዝያዳ፣ ንህንጸት ሃገራውነት ፣ ዕድሚኡ ኣኺሉ ፍልጠቱ ንዝጀመረ ናይ ሎሚ፣ ዝፈልጦ ናይ ሃገሩ፣ በርሃው ዝኾነ ራኢ ጸላእትናውን ዝኣምንሉ




እዛ እንርእያ ዘለና ከምምኻና መጠን እንተበለ'ውን ዝገርመና፣ ዕግበት ዘስንቕካ እዚ ጉዕዞ ታሪኽ ካብ ብዕድመ ጸጋ ዝጸገበ ክሳብቲ ንከኻዕብት መባእታ ትምህርቲ ዕምበባ ኤርትራዊ ዜጋ ብግቡእ ዝነበረ ጉዕዞ ታሪኽን ንመጻኢኡ ዝንደቀሉ ዘሎዎ እዋን ምኻኑ ፣ መስክሩለይ ዘየድልዮ እቲ ሓቂ እዩ ፣ ዓለምና ኩሉ ዝዋስኣላ መድረኽ ዝረበሕ ዘይረብሕ ውጥም ቅልቅል ኣይኮነን ብፍላይ እኳ'ድኣ ንዓና ንኤርትራውን ንጸቢብ ኣትሓሳስባ ቀቢርና ንሓባራዊ ረብሓ ኣቐዲምና ንሃገራዊ ሕቶ ንምምላስ በብእዋኑ ንዓለቕቲ ህዝቢ ብመቐርን ወረጦን ነቒስና እናኣለና ፣ ንጎደና ሓርነት ዝተጕዓዝናዮ ጽንኩር ጉዕዞ ፣ ብናይ ሎሚ ዘመን ዝተሰንዑ ሃሱሳት እንስከፈሉ ኩነት ኣይህሉን ፣

እቲ ሒማቕ ዕድል ናይ'ዚ ዘመንና ሃሱሳት ፣ ቅድሚ ንዝትዓስብዎ መልእኽቲ ንትግባሬኡ ምብጋሶም ፣ እቲ ዝዓሰቦም ፤ ሃሱሳት ምኻኖም ብዋዜማን ዳንኬራን ምልላዮም እዩ ፣ ከምቲ ዝተሃብህለ `` ድያብሎስ ክኾነሉ እሉ ያኢ ሓንቲ ጽብቕቲ ዕትሮ ይሰርሕ እሞ መኽደኒ ይርስዕ `` እዩ ነገሩ ፣ እዚ እቲ ዝዓበየ ራዕድን ሽበራን ዝፈጥሮ ክሽፈት ክኸውን እንከሎ ፣ እቲ ዝገደደ ፋኽሰት ግን ፣ ናይ እቶም ኣጋ መሬት ዕራርቦ ዝሰንዕዎም ስርሓት ምሽት ዝኾኑ ቅርጺ-ኣልቦ ( Formless ) ሃሱሳት ዘቐርብዎ ትሕዝቶ እዩ ፣

( ሓንቲ ዕላል ዘኪረ ከውግዓኩም ፣ ኣብ ሓደ እዋን ሓደ ``ስራይ`` ዝብሃል ስራሕ ስኢኑ ዝበልዖ ምስ ስኣነ ፣ ኮፍ ኢሉ እናኣስተንተነ ፣ ሰባት ብኩነታቱ ዝሓዘኑ ክውከስዎ ኢሎም ስሙ ምስሓተትዎ ስመይ ``ስራይ`` እበሃል በሎም ይበሃል ፣ ወዮ ዝሓተትዎ ሰባት ጽቡቕ ስም ስራይ ካብኮነ ስምካ ካብዝ ኩሉ ግዜ እንሓሞ ዘለና ሕማም ብፋልካ ትፍውሰና ትኸውን በልዎ ፣ እዚ ሰብ ነዚኣ እዋናዊ ውህብቲ ኩነት ተጠቒሙ ገዛገዛ እንዳዞረ እንታይ እዩ ሕማምኩም እናበለ ክሓትት ጀመረ !! ናይ ሕክምና ኣፍልጦ እንዶ'ኳ እንተዘይብሉ የዋጽኣኒእዩ ዝበሎ ምስምስ እናተጠቕመ ንብዙሕ እዋን ናብርኡ ኣብ ምድንጋር ብዘይ ሞያኡ ብሓሶት እናመርሐ ፣ እቲ ግዜውን እናነውሐን ሓሶትውን ብእኡ መጠን እናተኾመረን ብዝኸደ ፣ ስክፍታኡ እናዛየደ ከደ ፣ በዚ ዝተሰከፈ ወዮ ``ስራይ`` ንነብሱ ከምዚ ኢሉ ክምዕዳ ጀመረ ፣ ( ስማዕ ``ስራይ`` ናብራኻ ኮይኑዎ ኣብሓሶት ካብ ተሞርኮሰ ፣ እንታይ'ሞ ይገበርኢልካዮ ፣ ካብወረደ ምሕሳው ሓሱ ፣ እንታይ ከምዝሓሶኻ ግን ከይትርስዕ ኢሉ ንነብሱ ኮንቱ ምዕዶ ለገሰላ ይበሃል ) ፣

ከም በዓል ኣማኑኤል እያሱን መሰልቱን ፣ ሃገርና ኤርትራ ጨቕቕ ኢላ ዘዕበየቶምን ፣ ንቀጻልነት ምዕሩግ ሂወትን ፍርያትን ፣ ንዝልዓለ ትምህርቲ ንምቕጻል ብገንዘብ ህዝብን ሃገርን ንወጻኢ ሃገር ተሰዲዶም ፣ ከምቲ ዝተባህለ ግን ``ንኽስቲ ጡብ ኣዲኦም `` ክኾኑ ሕልንኦም ንደመኛታት ህዝቢ ኤርትራ ሸይጦም ፣ ዝባኖም ቀሊያም ብዘይጠይቂ ፣ ወደል-መጋል `` ጸሊም ፈረስ `` ኮይኖም ንዓመጽትን ደመኛታት ህዝቦም የገልግሉ ምህላዎም እዩ ፣

ዓመት ዘየብልፅ ንዓመታት የራግም ከምዝበሃል ፣ ንዕሚኾ ሕሾ ፣ ክጎስሙ ፣ ኣብ ደልሃመት ምህታፎም ሃህ ኢሎም ንክዛረብሉ'ኳ እንተዘይክኣሉ ፣ ካብቲ ድቃስ ለይቲን ዕርፍቲ መዓልቲን ዝኸልኦም ምኻኑ እንፈልጦ ጉዳይ እዩ ፣ እቲ ምንታይሲ ፣ `` ዓማጺ እኽልን ዓማጺ መንግስትን ከይደቀሰ ይሓድር `` ዝተባህለ ስለዝተባህለ ዘይኮነ ነዚ ናይ ሃሱሳት ትግበረ ንምግላጽ ዘንቀደ እዩ፣

እቲ ንምስሊ ጉዶም ዝቐልዐ ፣ ኣብተን ንቑዝማን ምስትንታንን ትሃኖም ዘወጽኡለን መናቕዕ ጋሕባታት ዌብሳይት ፣ ዓዋተ.ኮም ፣ ኣሰና ( ሓሲና ).ኮም መስከረም.ኮም ንሓርነት.ተጎርባ. ኮማት

ወዘተ... ፡ ኣስማተን ንተግባራተን ዘይውክል ፡ ይኣይ ተኻኢሉለይ ተባሂሉ ደርሆ ፋሕቲራ እትረኽቦ ዝተፈብረኸ ንግሆ ተጻሒፉ ምሸት ክደግምዎ ዘይክእሉ ዝሓናጥጥዎ ሓሶታት ፡ ንመወልቶም ዘሕንኽ ``ነዚ ክትብላ'ዶ ``ትርህጻ ኮይኑ ነገሩ`` ፡ ኣብ መወዳእታ ግን ሓሶታት ተኾሚሩ ወላእኳ እምባ እንተፈጠረ ኣብ መወዳእትኡ ሓሶት ካብ ምኳን ሓሊፉ ዘፍረዮ ፍረ ቅድሚ ሕጂ ኣይተራእየን ብድሕሪ ሕጂውን እንተኾነ ከም ናይ ዝሓለፈ እዩ ፡

እቲ ምንታይሲ ኣብዛ ዓውዲ ትኣምራታዊ ዓወታት ዝሕፈሰላን ፡ መዘናኣልቦ ታሪኽ ዝምዝገበላን ሓድጊ ጀጋኑ ወርቃዊት ብራና ፡ ኤርትራ ሃገርና ፡ ሃሱሳት ዝሕብእሉ ዋላውን ሓደስድሪ ትኹን ባይታ ዘይምህላዉ እዩ ፡

ምስጢሩ ፡ ውሻጠ-ክርሳ ብደም ጀጋኑን ተመጊቡ ንዘልኣለም ጠሊሉ ዝነብርን ፡ ክብሪ ዶባታ ንከይድፈር ፡ ጻጋ ክብርታታ ንከይብለል ብኣዕጽምቲ ጀጋኑ ተኸሊሉ ዝነብር ፡

ኣድማሳ ፡ ዕርዲ ጅግንነትን ተወፋይነት ፡ ዕርዲ ፍቕርን ሓድነትን ፡ ዕርዲ ስራሕን ምሃዝነትን ፡ ዕርዲ መቐይሮን ኣብነትን ፡ መዲና ሓቅን ግሉጽነትን ምኳና መበገሲ ስለዝነበሮ እዩ ፡

እቲ ቐንዱ ክኣ ፡ ንሃሱስነትን ተንበርካኽነት ኣወጊዳ ፡ ንቃልስን ተወፋይነትን ፡ ንነብስኻ ክኢልካ ንውሉድ ወለዶ ዝነብር ብርሃጽካ ዝጥረ ሓርነትን ናጽነት ምምራጸ እዩ ፡ ኣብ ከምዚ ኩነት ንሃሱሳት ዝኸውን ባይታ ኣብዛ ምጭውቲ ሃገርና ኤርትራ ንኽርከብ ከመይ ኢልካ'ሞ ክሕሰብ ፡

ኣብ ታሪኽ ናይ ኤርትራ ዘይተጻሕፈ'ምበር ዘይተገብረስ ዳርጋ የሎን እንተበልና ምግናን ኣይኮነን ፡ ስለዚዝኾነ ክኣ ካብቲ ቀንዲ ንሃገርና ናብ መግእዛእቲ ድሑር መስፍናቲ ኣምሓራ ከውድቓ ዝኽኣለን ፡ ካብቲ ጠንቂ ንሓርነታዊ ቃልስና ከናውሖ ዝኽኣለን ፡ ናይ ከድዓትን ሃሱሳትን ኣገልገልቲ ጸላእቲ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኮይኖም ምዕሳቦም ግደ ነይርዎ ክበሃል ይክኣል ፡ ኩሎም ፍሩያቶምን ሓንጅመንጅኦምን ጸላእትና ፡ ኣብ መስርሕ ቃልስና ተጣሒኖም ስዮማይ ኣቢልና ስዒርናዮም ኢና ፡

`` ዕጫ ናይ ብዓል ኣማኑኤል እያሱን መሰልቱን ክኣ ከይሓለምናዮ ዝተፈትሐ ጉዳይ እዩ `` እቲምንታይሲ ፡ `` ጽንጽያ እንተትኣከባ መኽደን ተፎይቶ ነይኸፍታ `` እዩ ነገሩ ፡

ዓወትና ናይግድን እዩ !

ካብ ብርዒ ሓቂ ፡